## ብጸለመ ዝሀነጽ ሓድነት ይኹን ዝሀነጽ ውድብ የለን

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**25.09.2004**

ንሓድነት ምስራሕን፡ ብዛዕባ ሓድነት ምዝራብን ክልተ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ኢዮም። ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ውድብ ወይ ስርዓት ብዛዕባ ሓድነት፡ ዕርቂ ሰላም ብዙሕ እንተደአ ተዛሪቡን ጽሒፉን ጨርሒኡን፥ ብሓቂ ደላይ ሓድነትን ዕ ርቅን ሰላምን ኢዩ ኣየስምዕን። ሓቀኛ ደላይ ሓድነት፡ ደላይ ዕርቂ፡ ደላይ ሰላም ንቃሉ ብግብሪ ከሰንዮ ኣለዎ። ኣብ ተመኩሮ ሰውራና፡ ንጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ብዝምልከት ብዙሕ ተጨሪሑ፡ ብዙሓት ስምምዓት ተኸቲሞም፡ ቀለሞም ከይነቐጸ ከላ ክፈሽሉ ውን ተራእዮም። ጠንቂ ናይዚ ፍሽለትዚ ከኣ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ክልተ ነጥብታት ክጠቓለል ይኽእል።

ቀዳማይ፡- ጉዳይ ሓድነት ምስ ሕቶ ናይ ስልጣን ጥራሕ ተዛሚዱ ክጥመት ስለዝጸንሐ፤

ልክዕዩ፡ ብዘይ ስልጣን ንዝመደብካዮን ዝተለምካዮን ዕላማታት ንምዕዋት ይኹን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣይከኣልን ኢዩ። ስለዚ፡ ምእንቲ ስልጣን ዝካየድ ቃልሲ ሕጋውን ግድነታውን ባህርያውን ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ንህዝቢ ዝእክብ ክሊ፡ ማለት ኣብ ማሕበራት፡ ውድባት፡ ሰልፍታት፡ መንግስቲ ወዘተ... ስልጣን እትሕዘሉን እትኽልኣሉን ሕጋዊ መስርሕ ወይ ቃል ኪዳን ወይ ቅዋም ክህሉ ይግባእ። በዚ ኣገባብዚ ዝመሓደር ስልጣን ንረብሓን ኣገልግሎትን ናይቶም በቲ ዕላማን በቲ ሕግን ተጠርኒፎም ዝዋስኡ ዘለዉ ኣካላት ዘረጋግጽ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ስልጣን መበላሸዊ ስለዝኾነ፡ ደረት ወይ ቀይድታት ክግበረሉ ይግባእ፡ እንተዘይኮይኑ ግን፡ ኣብ ክንዲ ሕጊ ፈሉልነትን ዓመጽን፡ ኣብ ክንዲ ፍትሒ ድማ ግፍዒ ይነግስ እሞ ህዝቢ ይበሳበስ። ኣብ ደኻታትን ድሑራትን ሕብረተ-ሰባት ብፍላይ፡ ስልጣን ናይ ሓለፋን ናይ ሃብቲ መደለቢ መሳርሒ ኮይኑ ከምዘገልግል ውን ዝስሓት ኣይኮነን። ኣብዘን ሃገራት እዚኣተን ዝርአ ዕ ልዋታትን ምፍንጫላትን ውድድራትን ድማ መንቀሊታቱ ጭል ዝበለ ውልቃዊ ረብሓን ሓለፋን ዘበገሶ ናይ ስልጣን ውድድር ደኣምበር፡ ናይ ህዝቢ ሓልዮት ኣይኮነን።

ኣብ ተመኩሮና ውን፡ ጉዳይ ሓድነት፡ ንፍቶ ንጽልእ፡ በዚ ዳሕረዋይ ኣተሓሳስባ ክጽሎ ጸኒሑ ኢዩ። ስልጣን ከም ናይ መነባብሮ ሸግር መፍትሒ ተወሲዱ፡ ምእንቲ ስልጣን ክንደይ ፕሮፓጋንዳዊ ወፈራታት፡ ምክሳሳት፡ ጸለመታት፡ ምፍንጫላት ተኻይዱን፤ ክሳብ ደም ምፍሳስ ውን ተበጺሑን ኢዩ።

ካልኣይ፡- ናይ ሰዓርን/ተሳዓርን ከሳብን/ከሳርን መንፈስ ዝገዝኦ ኣተሓሳስባ

መስርሕ ሓድነት፣ ብናይ ሰዓርን/ተሳዓርን ወይ ከሳብን/ከሳርን ኣተሓሳስባ ተገዚኡ ኢዩ ክንዓዝ ጸኒሑ። ሓደ ሸነኽ፣ ኵሉ ክረክብ፥ እቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኵሉ ክስእን ዝብል ሕልና ነጊሱ፤ ሕድገታት ምግባር፣ እንካን ሃባን ምብህሃል ድማ ቦታ ስኢኑ ኢዩ ጸኒሑ። ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ፣ ኣብ መንጎ ተሓኤን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሓድነት ልዝብ፣ በዚ ኣተሓሳስባዚ እተገዝአ ምንባሩ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ስለዚ ኢዩ ውን ክዕወት ዘይከኣለ። እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ብሓቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ድማ ውጽኢት ናይቲ ኣተሓሳስባቲ ኢዩ።

እዚ ኣተሓሳስባዚ፣ ብናይ ሰዓርን/ሰዓርን ከሳብን/ከሳብን፣ ማለት ክልቲኡ ሸነኻት ሰዓራይ ወይ ተዓዋታይ ኰይኑ ዝወጸሉ ወይ ዝሰምዖ ኵነት ክትካእ እንተዘይክኢሉ፣ መስርሕ ናይ ሓድነት ክዕወት ኣይክእልን ኢዩ። ብ1999 ዓ.ም ሃገራዊ ምሕዝነት ሓይልታት ኤርትራ ንምምስራት ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ እተበጽሐ ስምምዕ፣ ካብዚ ናይ ሰዓራይ/ሰዓራይ መንፈስዚ ስለእተበገሰ ኢዩ ክዕወት ዝኸኣለ። ነፍስወከፍ ኣባል ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝኾነ ውድብ፣ በቲ እተበጽሐ ስምምዕ ተዓዋታይ ኰይኑዩ ከምእተሰምዖ ድማ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ። ካልእ ነዚ ዝመስል ክጠቀስ ዝከኣል ኣዎንታዊ ተመኵሮ፣ እቲ ኣብ ሓምሳታት፣ ንምሉእ ናጽነት ኤርትራ ዝቃለሱ ዝነበሩ ሓይልታት ዝመስረትዎ “ሰልፊ ናጽነት” ኤርትራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ግንባር ኢዩ።

ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝፈሸለሉ ምኽንያት ከኣ፣ እቲ ናይ ሰዓ ራይ/ሰዓራይ ዝነበረ ዝምድናን መንፈስን ስለ እተመዛበለ፣ ወይ ድማ፣ ናብ ናይ ሰዓራይን/ተሳዓራይን ዝምድና ስለእተቐየረ ኢዩ። ገለ ሸነኻት ኣብ ሰክረታርያ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብምድስካል ስዓራይ ኰይኑ ክወጽእ ስለዝሓለነ ኢዩ እዚ ኵሉ ጸገም ኣጋጢሙ። እቲ ዘገርም ከኣ፣ እዚ ናይ ምድስካል ስጉምቲ እተወስደ፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ተቓውሞኡ ንመስርሕ ናይ ምርጫ ንምግላጽ ደኣሉ ኣኼባ ረጊጹ ዝወጽእ ዘሎ እምበር፥ ኣባልነቱ ኣብ ምሕዝነት ቀጻልን ህያውን ኢዩ ዝብል መግለጺ ብቃልን ብጽሑፍን እናሃበ እንከሎ ምዃኑ ኢዩ። በዚ ዘይሓላፍነታዊ ናይ ምድስካል ውሳኔ ድማ፣ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኵሉ ዝኸሰረሉ ኵነት ኢዩ ተፈጢሩ።

ብተወሳኺ፣ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንዘጋጠመ ቅልውላው ንምእላይን፤ ነቲ ውድብ ካብ ምፍንጫል ንምድሓንን፤ እቲ ዝበዝሐ ሸነኽ ናይ መሪሕነት፣ ካብ ናይ ሰዓራይን/ሰዓራይን ኣረዳድኣ ብምብጋስ፣ ነቲ ኵነታት ብናይ እንካን ሃባን መንፈስን ብሕድገታትን ክኣልዮ ኵሉ ዝከኣሎ ኢዩ ገይሩ። ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 3ይ ስሩዕ ኣኼባኡ፣ ብመሰረት ጠለብ ናይቲ ብኣሕመድ ናስር ዝምራሕ ዝነበረ ሸነኽ፣ ሓላፊ ናይ ስርርዕ ዝነበረ ካብ መዝነቱ ከልግስ፤ ኣብ ክንድቲ ብመሰረት ህንጻ ሕግና ምኽትል ኽኸውን ዝነበሮ ናይ ስርዒታዊ ጕዳይ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ፥ ኣሕመድ ናስር፣ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ሓላፊ ክነሱ፣ ምኽትል ኣቦ መንበር ኽኸውን ተቐቢሉ። እዚ ድሒሩ ብተሓኤ ሃገራዊ ጕባኤ ክጽዋዕ ዝጀመረ ብኣሕመድ ናስር ዝምራሕ ዝነበረ ተፈንጫሊ ጕጅለ ግን፣ ኣብ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ብዙሓት ድምጺ ዘይብሉ ክነሱን፥ ነቲ ሓድነት ውድብ ንምርግጋጽ እተገብረ ሕድገታትን ናይ እንካን ሃባን መስርሕ ዋጋ ከይሃበን፥ “ኵሉ ንዓይ ወይ ውድብ

ይበተን” ካብ ዝብል ናይ ሰዓራይን/ተሳዓራይን መንፈስ ተበጊሱ፣ ክፍንጨል መሪጹ። ውጽኢቱ ከኣ፣ ከምቲ ደገፍቲ ናይቲ ተፈንጫሊ ጉጅለ ዝብልዎ ዘይኮነስ፣ ንሞራልን ትጽቢትን ናይ ህዝቢ ባይታ ክዘብጥ ዝገብረ ነበረ።

ሕጂ ውን፣ ብሓደ ሸነኽ፣ ኣብ መንጎ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራስን ተሓኤን እተበጽሐ ናይ ምርድዳእ ስምምዕ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ኣብ መንጎ 4+1 እተበጽሕ ስምምዕ ኣሎ። እዚ ምሕዝነታትዚ፣ ንጉዳይ ናይ ሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ፣ ካብ ናይ ሰዓራይን/ተሳዓራይን መንፈስ ወጺኡ ብናይ ሰዓ ራይ/ሰዓራይ መንፈስ ከገጥሞ እንተዘይፈቲኑ ውጽኢቱ ኣሉታዊ ኢዩ ክኸውን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕ፣ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን ሓድነት ተቓወምቲ ውድባቱን ምርግጋጽ፣ ሃገራዊ ልዑላውነት ምዕቃብ፣ ብቛንቋውን ሃይማኖታውን ባህላውን መበቆላውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን፣ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር፣ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ...ወዘተ ዝብሉ ሃገራዊ መቐሚታት ዝሕምረቱ ናይ ሓባር ግንባር ንምምስራት ቀጻሊ ቃልስን ቀጻሊ ልዝብን ከካይዱ ኢዮም ዝጥለቡ። ሃገር፣ በዚ ተግባራዊ ስጉምታትዚ እምበር ብጭርሖ ወይ ድማ ኣብ ወረቐት ብዝሰፈረ ፕሮግራማት ኣይትድሕንን ኢያ።